*ሰለስተ ኣርእስቲ ዝሐዘት ግጥሚ*
*ለበዋይ ገለ እንተኾነ ጠቓሚ*
*ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ*
*ብበርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን*

*ንዓሻን ደርጓሐሉ ኣበይ ከይእምቶ*
*ንለባም ኣምተሉ ኣበይ ክይስሕቶ*

*ዕድመን ጥዕናን ንሰነድ ግርማይ ኪዳነ ወዲ ፈሊፖ*
*ሕድሪ ከይጠለመ ንከዳዓት ዘጋለጾም ብንያት ብሐቦ*
*ኣየወ ብባተንቲ ዘይብሉ ኣውቲስታ ትምራሕ ኣላ ዓደቦ*
*ንጥፍኣትና ነጋሪት ዝሃርም ዝግስም የሎንዶ በዓል ሐቦ..*

*ግርማይ ኪዳነ ሰነድ ወደባት*
*ነጥቢ ብነጥቢ ንዓመታት*
*ንክልተ ጎራሐት ዝመከተ ብትብዓት..*

*ቃል ግርማይ ኪዳነ ወደባት ካብ ማዕዶ*
*ኢሰያስ ማንኪ ክሻ ሰሚዕኩም ዶ*
*እንታይ ይነትኩም ከም ወትሩ ክንጎድጉዶ..*

*ብልጓም ዘይብላ በቕልን*
*ብባተንቲ ዘይብሉ ኣውቲስታን*
*ሃገር ብዘይ ቅዋም ንምብትታን..*

*እዚ ዝታሪኹ ባተንቲ ዘብሉ ኣውቲስታ*



*ተንቲንካ ኣይውዳእን ናቱ ዛንታ*
*ንህዝቢ ኣጽኒቱ ዝብል ዘሎ ቱታ..*

ናዓና መሲሉ ተጸገዐ
ስልጣን ህዝቢ መንዚዑ
ንዓመታት ደም ኣንቢዑ..

ዘይበጋይቱ ብዓመጽ ዝሓለበ
ከም ኣንበጣ ንቀውዒ ዝጽበ
ከይሓረሰ ከይጸሃየ ከይጎልጎለ
ብላዕ ዘይበልዎ ጽብሑለይ ዝበለ..

ሽም ዘይብሎም ደቂ ሕድርትና
ናይ ኤረትራ ደቀባት ስለ ዝዓሸና
ንመግዛእቲ ብደምና ከምዘይ ሰዓርና..

ንኤረትራዊያን ኣብ ፓል ዝሰኣኑ ጣቋ
ክንምልሰሎም በበቲ ዝሰምዕዎ ቋንቋ
ገለ ንህግደፍ ገለ ናይ ኢትዮጵያ ጠበቕ
ድሕሪ 30 ዓመት ተሓጺብካ ናብ ጭቃ..

ኣቱም ካብ ባሕሪ ብጭልፋ
ኪዱ ሃገርና እንታይ ከይተርፋ
ህዝብና ካብኹም የብሉን ተስፋ..

ላም ብኢዳ ዝቀርበ ብእግራ ትሓክኽ
ኤረትራዊያን ንዓባይ ትግራይ ዲና
ኤረትራ ወይ ሞት እንዳ ጨደርና
ካብ61 ጀሚርና ን30 ዓመት ዝደመና
ብኢድ ምትእትታው ንሓርነት ከሲርና ..

ብ100ቲ እንተኮንካ ኣከለጉዘየታይ
ብ100ቲ እንተኮንካ ሐማስየናይ
ብ100ቲ እንተኮንካ ሰራወታይ
ብ100ቲ እንተኮንካ ሰንሒተታይ
ብ100ቲ እንተኮንካ ሳሕለታይ

ብ100ቲ እንተኮንካ ባርካታይ
ብ100ቲ እተኾንካ ሰምሃረታይ
ብ100ቲ እንተኮንካ ደንከለታይ..

ወጮ እንተ ገምጢልካዮ ወጮ ደቂ ኤረይ
ዝዓበካን ዝነኣስካን ኤረትራዊ እየ በሃላይ
ክንዲ ኣሕልፉኒ ባዕለይ ኣለኹዎ ንካሕዳይ
መንዩ ዝገበረካ ናይ ደገ ሐይሊ ዓዳማይ
ክሕደት ክትደግም ከም ኣርዮስ ጣልማይ..

ደቂ ኤረይ ኣይተማሃርናን ዶ ካብቲ ዝሐለፈ
ብኢድ ምትእትታዊ ክንደይ ጅግና ዘይረገፈ
ብውጽኢቱ ህዝቢ ቅሳነት ሲኢኑ ዓዱ ዝገደፈ..

ዓገብ ክንብል ንሕልና ኣልቦ
ንልዕሊ 30 ዓመት ሩባ ምስ ጎቦ
ደም ጀጋኑ ሰማእታትና ዝነጠቦ
ደቀባት ኣሕሊፎም ዝሀቡ ንዓደቦ
ንኢዶም ዝሃቡ ኣፎም ክእክቡ እላቦ..

ንክሕደት ኣይተኸፍለን ዋጋ
በላዒ ዝዕድሙ ዝደጋግሙ ጌጋ
መዕነውቲ ኣብ ዝባንኩም ኣሎ ዕዳ
ኤረትራ ከዳዓት ጥራይ መዓስ ወሊዳ..

ተቃወምቲ ዲና ተዓዘብቲ
ግብሪ ዝይብሉ ተዛረብቲ
በዚሑ ግምጥል ናብቲ ናብቲ..

ሐሳውን ቆርበትን እንዳ ሐደረ ይፈኩስ
ተቃወምቲ ንድሕነት ህዝቢ ክንዲ ንግስግስ
ሐሶትን ሐቅን ሰሚዕና ጥንቅሊዒት ንድቅስ
ጸላኢና ከይደቀሰ ዝሐድር ንሐድነትና ከፍርስ..

ካብ ጉባኤ ኣዋሰ ጀሚሩ ጸረ
ብጀካ ምፍልላይ ኣይረኤናን ፍረ
ናይ መሰረታት ጻዕሪ ሕቖ ዝሰበረ
ጉባኤ ኣብ ኣዶባሓ እንተ ዝግበረ
ስርዓት ማፍያ ቀደም ምተባረረ..

መንዩ ሓቀኛ መንዩ ሎኹመኛ
መንዩ ኣብ ሞንጎና ዘሎ ቂመኛ
መንዩ ብማዓር ዝተሸፈነ ደመኛ
ተፋሊጥና ሎምስ ብዕላማ ተፋላሊና..

ንድሕነት ዓዲ ጀጋኑ ኤረትራ ሃገርና ትፍቶ
ኣዲስ ኣበባ ኣዳል ኣይኮነን እንባ ቃሓይቶ
ላልምባ ኣይኮነን ተብሕ እንባ ጀጋኑ ሓባሪቶ
ምስ ሕብራም ዝለዋውጡ ከም ነፋሒቶ
ሓቂ እንድዩ ክሳብ ሎሚ ዝይሰርሔ ባይቶ..
ዓውድና መዕነውቲ ኣትዮም ንፋስ ዘራጊቶ..

ንህግደፍ ኣሊና ሕገ ምስ ሰፈነ
ህዝቢ ኣብ ዓደቡኡ ምስ ቀሰነ
ምረጹኒ ይበል እቲ ስልጣን ዝምነ..

ሕጂ ግን ኣብ ባዶ ኣይንበል ሃነፍነፍ
ኢደይ ኢድካ ኢልና ንህግደፍ ነጽድፍ
ግዜ ምምጣጥ ንጉጅለ ኣርዮስ ምድጋፍ
ኣብ ጥራይ ጎልጎል ኣነ ኣነ ምባል ንግደፍ..

ምክልኻል ሓይልታት ጥንቅቕ ኢልካ
ሕጂ ውን ማዕዳይ ክልግሰልካ
በትሪ ኣብ ኢድካ ተመን ኣብ እግርኻ
ከም ወዲ ዓሊ ጅግና በጃ ከይገብሩኻ..

ሕቶኹም ይኹን ሕቶ ሐርነት
ሕቶ ገንዘብ ኣይከውንን ሰረት
ብገንዘብ የትዕሸዉ ኣመሉዩ ጥልመት
ኣርወ ንጥፍኣትኩም ጀሚሩሎ ክተት..

ብ.ኣርወ ክንደይ ጅግና ዘይተጠለመ
ከዳዕ ክኾኑ ከዳዕ ኢሉ እንዳ ኣጸለመ
ንህዝቢ ከጵንት ንጓኖት እንዳ ዓደመ..

ንእንባ ሰይራ ሰማይ ጠቀስ
ንሕን ሐቦን ናይ ኣቦታትካ ውረስ
ከም ኣያታትካ ብጅግንነት በሎ መሰስ
ምስ ወሰንካ ንድሕሪት ኣይትመለስ..

ንኣርወ ጬፍሩኡን ኣይትእመኑ
ለብሙ ግዳይ እኒ ፍሊጶስ ክይትኾኒ
ንብረት ህዝቢ ብሓይሎም ዝወነኑ
ሕድሪ ጠሊሞም ዓዲ ጀጋኑ ዝብትኑ..

ኩሉ ነብሱ ኣሻኽ ከም ቅንፍዝ
ወትሩ ንጥፍኣትና ዝኣልም መዘዝ
ኢድካ ሃብ በልዎ ያኣኽለካ ዘናዘዝ
ብረትኩም ኣብ ዓንቀራ ክብልዩ ፈዘዝ..

ጥልመት ናይ ወዲ ዓሊ ሐጃይ ዘክሩ
ገንሸል ኮይኑ በጃ ህዝቢ ዕምሩ ሐጺሩ
ምክልኻል ሐይልታት ካብ ሑሉፍ ተማሂሩ
ንድሕነትኩም ወስኑ ንጃ ንዳ ህግደፍ ክተባርሩ..

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና.
ኤረና ሸዊት ለምለም ክኸውን ዓድና
ዕንወት ንጃ ንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና